# ንስሉባት ኣእምሮ እቲ ቅኑዕ ጌጋ፡ እቲ ጌጋ ቅኑዕ'ዩ።

ኣብ ህግደፍን ኢሳያስን ዘምልኹ፡ ዝለዓሉ ሰበ-ስልጣን ይኹኑ መሰረታት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይሃልው ኣብ ወጻኢ፡ ፊደል ዝቖጸሩ ይኹኑ ዘይቆጸሩ፡ ኣብ'ቲ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ዝብል ስም፣ ሕሉፍ ሓርበኝነት፣ ሓድነት ግኡዝ መሬት ተንጠልጢሎም'ዮም መን ከማና ኢናበሉ ዝነብሑ። ጭቡጥ መርተዖ ከቕርብሉ ዘይኽእሉ ባዕሎም ዝፈብረኽዎ ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ጎረቤት ሃገር፡ ምስ ዓበይቲ ሃገራት ምብኣስ ዓቢ የምስል ኢሎም ዝመረጽዎ ናይ ሕንቃቐን ሚኒን ፕሮፖጋድናዊ ደሮና፡ ከም ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን መድረኻዊ ፖሊስን ወሲዶም፡ ብዱላትን ሓያላትን ኢና ዝብል ማንታ መልእኽቲ ከመሓላልፉ ይደናደኑ። ሓንሳብ ኣብ መሬት እንከለና ዓለም ስኢናትና ኢሎም ይቑዝሙ፡ ተገልቢጦም ድማ ንሕና'ኮ መበእስቲ በዓል እከለ ኢና ኢሎም ክጀሃሩ ይስምዑ። ካብ'ዚ ወጻኢ፡ ብቐጥታ ዝተዋሳእናሉ ወይ ብወከልትና ኣብ እከለ ዕለትን ቦታን ዘጽደቕናዮ፡ ገዛኢ ሕግናን መምርሒናን እዝዩ ኢሎም ብነብሰ ምትእምማን ሰነዳዊ መሳርሒኦም እናጠቐሱ ክማጎቱ ዘኽእሎም ረዚን ፖለቲካዊ ዕጥቂ የብሎምን።

ነገራት ከመዛዝንሉ፡ ብነጻነት ህይወቶም ክመርሕሉ ተፈጥሮ ዝዓደሎም ኣእምሮ፡ ብዕሽነት ድዩ ብፍርሒ ንከምኦም ዝበለ ሰብኣዊ ፍጡር ብዘይወግዓዊ ኣገባብ ስለዘረከቡ፡ ዝበሃልዎ ሰማዕቲ፡ ዝእዘዝዎ ፈጸምቲ ደኣምበር ዝተፈልየ ሓሳብ ከመንጭውን ውሳነ ኣብ ዝድልዮ ጉዳይ ክውስኑን ኣይክእሉን። ስለምንታይ'ሲ ሓንሳብ ናይ ምሕሳብ ምምዝዛን ተኽእሎኦም ብካልእ ስለ ዝተሰልበ፡ ኩሉ ዝፈልጥ፡ ዝውስ ዘተግባር እከለን በዓል እከለን'ዮም። ኣነ ወይ ንሕና ኣማራጺ ሓሳብ ከነምጽእ፡ ክንውስን ከነወስንን ኣይንኽእልን ብዝብል ነብሶም ዘዕገቡ'ዮም። ዋላ ለኪምዎም ዝጠፍእ ይኹን፡ ከም ማይ ነሓሰ ካብ ላዕሊ ብሃንደበት ንዝፈስስ ትእዛዝ፡ ብዘይ ዝኾነ ሕቶን ርእይቶን ተቐቢሎም ምትግባር፡ ዝተዋህበኒ ትእዛዝ ፈጺመ ኣለኹ ዝብል፡ ነቲ ወሳኒ ባእታ ማለት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብዘወድሱ ምሩጻት ቃላት ዝወቀበ ጸብጻብ ብምቕራብ፡ እናተሸቑረሩ መልሲ ካብ ምጽባይ ሓሊፎም፡ ኣብ እምነትን ኣሰራርሓን ረጊጾም ብርእሰ ተኣማንነት ደው ክብሉ ተራእዮም ኣይፈልጡን።

ትእዛዝ መንግስቲ፡ ውሳነ ህግደፍ፡ ቃል ፕረሲደንት ዝብል ጥራሕ ይኹን'ምበር፡ ቅኑዕ ድዩ ዘይቅኑዕ? እንታይ ሳዕቤን የኸትል? ንመን'ከ የርብሕ ዘገድሶም ኣይኮነን። ዝወረደ ትእዛዝ ኣብ ዝተባህሎ ግዜን በቲ ኣዛዚ ዝደልዮ መልክዕን ተፈጺምዶ ኣይተፈጸመን ጥራሕ'ዩ ድቃስ ዝኸልኦም። ስለምንታይ'ሲ ዝመሚ ብሱል ፖለቲካዊ ዕጥቅን ናትና ኢሎም ዝኣምንሉ ፖለቲካዊ መንነትን ስለዘይብሎም፡ ኣፈጸምትን ፈጸምትን  ኮይኖም ከም ዘለዎ ከተግብርዎ ሸበድበድ ክብሉ ይረኣዩ። እቶም ሚኒስተራትን ጀነራላትን በየናይ መምዘኒን ሕጋዊ መስርሕን ነቲ ስልጣን ከም ዝበቕዑ ኣይፈልጡን። ብምንታይ ምኽንያት ካብ ዝነበረዎ ስልጣን ይድስክሉን ይባረሩን'ውን ኣይፈልጡን። ልዕሊ ኩሉ ከኣ እቲ በዓል ቤት ናይ'ታ ሃገር ዝኾነ ህዝቢ፡ መዓስ፣ ኣበይናይ ሕጋዊ መድረኽ፡ መን ሓጽይዎም መን'ከ ኣጽዲቕሎም፣ ብከመይ ዝበለ መዕቀኒ፡ ሚኒስተራትን ጀነራላት ኮይኖም ዝኾነ ወግዓዊ መግለጺ ኣይረክብን። ብኣጋጣሚታት'ዩ ሚኒስተር እከለ፡ ጀነራል ክስቶ ክበሃል ዝሰምዕ። ብሕጓ ተሸይሞም ኣብ መድረኽ ዝወጽኡ ልኡኻት ሓደ ሰብ ከኣ፡ ክቡር ፕረሲደንት ከም ዝበሎ እናበሉ ነቲ ህዝብን ሃገርን ዘዕኑ መሰረታዊ  ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ጌጋ፡ ከም ቅኑዕ ወሲዶም  ብባዶ ቃላት ብምቅንጃው፡ ብህዝብን ብሕግን ብዘይተረከብዎን ክውስንሉ ብዘይክእሉን ስልጣን ንህዝቢ ይህድዱ። መንግስቲ ዝተኸተሎ ኣገባብ ጌጋ ነይሩ ኢሎም ክዛረቡ ግን፡ ብቕዓት፣ ድፍረት ናትና ዝብልዎ ፖለቲካዊ መንነት ስለዘይብሎም ኣይውዕልዎን። ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ዝኾነ ዜናዊ ጸብጻባት ከቃልሓ ዝቐለን ነገርቲ መርድእ ዝኾና መራኸቢታቶም'ውን ከምኡ፡ ጀነራል ክስቶ፡ ሚኒስተር እከለ ናብ ህዝቢ ትእዛዝ ኣውሪዱ፡ ነዚ ትእዛዝ ኣብ እዋኑን ብጽፈትን ኣብ ልዕሊ ዘይፍጽሙ ወገናት ከቢድ ስጉምቲ ክውሰድ ምዃኑ ኣጠንቂቑ ክብላ የቃልሓ።  ስለ'ዚ ህግደፋውያን ኩሎም ህዝቢ ከመይ ይነብር ይነባበር ኣሎ፡ እንታይ ቅሬታ ኣለዎ፡ ስለኡ ክግደሱ፡ መድረኽ ከፊቶም ብነጻነት ክመያየጡ ተራእየሙን ተሰሚዖምን ኣይፈልጡን።

ኣብ ዝተፈላለያ ጽፍሒ ሓላፍነት ዝርከቡ ካድራት ኮነ፡ ንዓኻን ስለኻን ዝብሉ ኣምለኽቲ ብረብሓን መሰልን ህዝቢ ተገዲሶም፡ ሕጊ ተተርኢሶም ድምጺ ህዝቢ ይሰማዕ፡ መንግስቲ ኣካይዳኡ የስተኻኽል፡ ብዊንታ ዘይኮነ ብሕጊ ይመራሕ ዝብል ቃል ከተንፍሱ ኣተዓባብያኦም ኣየፍቅደሎምን። ኩሎም ማለት ላዕለዎት ኮኑ ታሕተዎት፡ ነቲ ግጉይ ፖሊሲ ብግልባጡ ብምንባብ፡ ሳላ ክቡር ፕረሲደንት ኢሳያስ ብዘለዎ ፖለቲካዊ ብልሕን ኣኽብሮት ንህዝብን ኣቐዲሙ ዝኣመቶ፡ መነባብሮ ህዝቢ ይልወጥ ኣሎ። ዝምድና ህዝብን መንግስትን ውሁድ ከም ማይን ጸባን ዝብል ፕሮፖጋንዳ ይነፍሑ። እቲ ዝበዝሐ ሓፋሽ ግን፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ስለዘተመንዘዐን ብኣድኪኻ ግዛእ ፖሊሲ ስለዝተዳህከን ምስ ህግደፍን ኢሳያስን ከብድን ሕቕን'ዩ። ኢሳያስን ህግደፍን ተወጊዶም ብሕጊ ዝሕተትሉ ግዜ'ዮም ዝጽበዩ ዘለው። ብዛዕባ ከመይነት ሽመት ሚኒስተራትን ጀነራላትን ዝፈልጥዎ የብሎምን። ብኣፍልጦኦም ኣብ ኮረሻ ስልጣን ዘይደየቡ ጀነራላት ኮነ ሚኒስተራት መዓስን ብምንታይ ምኽንያትን ደስኪሎም ወይ ወሪዶም ኣይፈልጡን። ዘይፈለጥና ዝብል ሕቶ'ውን የብሎምን። ስማውያን ጀነራላት ሚኒስተራት ግን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ከጉባዕብዑ ኣይስከፉን። ምሉኻት መለኽቲ ምኳኖም ኣይስቆረምን። ሕጋውያንን ናይ ምውሳን ስልጣን ዘለዎምን መሲሎም ንዘየለ ሕጊ፡ ሕጊ'ዩ እናበሉ መንበሪኦም ገይረሞ ንዘለው ህዝቢ ናይ ምጭፍጫፍ ተግባር ከም ቅኑዕን ፍትሓውን ክገልጹ ኣይሓፍሩን።

እዞም ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ብሕርያን መደብን ውልቀ-ሰብ ተቐሚጦም ዘለው ኣካላት ኮነ ሰዓብ'ቶም፡ ንላዕሊ እንክጥምቱ ዘንፈጥፍጡ ንታሕቲ እንክጥምቱ መን ከማና እናበሉ ዝፍክሩ ነዳያት ሕልና፡ ትሕዝቶኡ እንታይ ይኹን እንታይ ብዘየገድስ ኣብ ቅዋም ዝሰፈረ ዓንቀጻት እናጠቐሱ ሓሳቦም ከይገልጹ፡ ሓደ ተፈጥሮ ዝዓደሎም ኣእምሮ ኣቐዲሞም ብካልኦት ክዝወር ክምራሕ ኣረኪበሞ'ዮም። ካልኣይ ፈጣሪኦምን መራሒኦምን ኢሳያስ ኣፈወርቂ ቅዋም ቅዋም ኣይትበሉ፡ ቅዋም መይቱ'ዩ ክብል ብዘየላቡ ቃላት ኣርዲእዎም'ዩ። ብመሰረት ውሳነ መበል ክንዲ'ዚ ጉባኤን ስሩዕ ኣኼባን እናበሉ ከይገልጹ'ውን ሕጋዊ ጉባኤን ስሩዕ ኣኼባን ዝበሃል ካብ ዝተርፍ ኣዝዩ ነዊሕ ዓመታት ኣቕጺሩ'ዩ። ስለዚ ኣምለኽቲ ህግደፍን ኢሳያስን ህዝብና፡ ቅዋምና፡ ሕግና፡ መምርሒና፡ ፖሊሲና፡ ውሳኔና ኢሎም ዝውክስሉን ዝከላኸልሉን ቅኑዕ መሳርሒ ስለዘይብሎም፡ ነቲ ህዝቢ ዝብትን ዝጭፍጭፍ ጸረ-ህዝቢ ፖሊስን ፋሽሽታዊ ተግባርን ከም ቅኑዕ ወሲዶም ክምክሕሉ፡ ነቲ ተጋጊኹም ኣለኹም፡ ሃገር ብግዝኣተ ሕጊ ትመራሕ፡ ምልኪ ይወገድ ደሞክራሲ ይስፈን ዝብል ኣረኣእያ ድማ፡ ግጉይ ትሕቲ ሃገራዊ እናበሉ ዘይመልክዑን ዘይትሕዝቶኡን ብምሃብ ክጻረርዎ ይረኣዩ። ከምኡ ምባሎም ምስ ፖለቲካዊ ኣተሃናንጻኦምን ኣተሃላልዋኦም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ኣየገርምን።

እዞም ስሉባት ኣእምሮ፡ ኢሳያስ ከይኹሪ ከይቁጣዕ፡ ምክንኻን'ዩ ቀንዲ ዋኒኖም ገይሮም ዝሰርሕሉ ዘለው። ስለዚ ነቲ ጌጋ ከም ቅኑዕ፡ ነቲ ቅኑዕ ድማ ከም ጌጋ ገላቢጦም ከንብብዎ ኣይስከፉን። ሰብኣዊ ክብሮም ኣሕሊፎም ዝሃቡ ብምኳኖም፡ ትርጉም ህዝባውን ሃገራውን ክብሪ ኣይርደኦምን። ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምሕረት ሓደ ሰብ ኮይኖም፡ ዝተባህልዎ እናፈጸሙ ከብዶም ምምላእ ስለ ዝኾነ ዕላማኦም፡ ንቅኑዕ ጸለሎ ቀቢኦም ንግጉይ ክውድሱ ከቀናጅው ዝኾነ ሕንከት ኣይስመዮምን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 27-03-2017